# ራእይና ሓንቲ ምዕብልትን ዘይትድፈር ሃገረ ኤርትራ ንምህናጽ እዩ !

2 ይ ክፋል

ተዳለወ ብመድሃኔ ተስፋኣለም

ኣብ ዝሓለፈ ቀዳማይ ክፋል ጽሑፈይ : ዕላማና በቲ እንዓግበሉ ኣገባብ ምዕዋትና : ብሕጽር ዝበለ ክምለስ እንተድኣኮይኑ ፡ ካብያታዊ ባህልና ዝወረስናዮን ፡ ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ቃልሲ ዘማዕበልናዮም ክብርታትና ምኺኑ ገሊጸ ምባረይን ድዝከር ኮይኑ ; ቅድሚ ነቶም ክብርታትና ምግላጸይ : ናይ ሕባር መረዳእታ ንክህልወና ቁሩብ ድሕረባይታ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ብዝዓቕመይ ምፍኣሙ ጽቡቕ ኮይኑ ይስመዓኒ :

<u>ህዝቢ</u> ኤርትራ ክሳብ 1880 ዓ.ም ዝነበረ ግዜ ከም ህዝቢ እንተድኣ ርኢናዮ፡ ስልጡን ህዝቢ ምንባሩ ኢና ክንግንዘብ ንኽእል ፡ ስለዝኾነ ሓደ ካብቲ መግለጺ መንነትና ክኣ ስልጣኔና እዩ ፡

~ ነዚ ምርኩስ ብምግባር ፡ ኣዱሊስ ፡ ቆሓይቶ ፡ ንግስነት በጃ ወዘተ... ናይ ስልጣኔ ቦታ ተባሂሎም ይጥቀሱ እዮም፡

~ <u>ናይ ፈደላት ጽሑፋትን ናይ ሕጊ ምሕደራን</u> ዳርጋ ናይ 5 ዘመን ከምዝነበረን ብዙሓት ተመራመርቲ ዝገልጽዎ ኮይኑ ፡ ኣብቲ <u>''ዘመነ ሹመት ቄጽሊ</u>'' ኢሎም ዝጽውዕዎ <u>( ባይቶኣዊ ምርጫ</u> ) ብእምነት ብቅንዕና ነጻ-ርእይቶን ማዕርነትን ሰላም ዘማእከልን ፡ ንዓድን ህዝብን ኣደላዲሉ፡ፍትሒ ዘንግስ ኣገባብ ምሕደራ፡ኣብዛ ናይ ሎሚ ኤርትራ ፡ ንዘመናት ከምዝነበረ ፡ ኣብ ናይ ታሪኽ መጻሕፍቲ ተሰኒዱ ንረኽቦ ፡

<u>ያታዊ ማሕበረ-ቍጠባዊ ኣገባብና ንባዕሉ ፡ መግለጺ ናይ ምዕባለና'ዩ :</u> እዚ ያታዊ ማሕበረ-ቍጠባዊ ኣገባብ ብተዛማዲ ዝመጸ ኮይኑ : ብግዚኡ ምዕቡል ሚና ማሕበራዊ ቍጠባታት ክንብሎ ንኽእል ፡ ከም ኣብነት ዝጥቀስ ኣገባብ ናይ ማሕረስ ፡ ከም ናይ መስኖን ካልኦት ንሕርሻ ክምግቡ ዝኽእሉን ፡ መንበሪ ኣባይቲ ፡ ወዘተ... ምስ ካልኦት ናይ ኣፍሪቃ ኣህዛብ ኣነጻጺርካ : ንህዝቢ ኤርትራ ከተወዳድሮ እንከለኻ ፡ ዝያዳ ዝማዕበለ ህዝቢ ምኻኑ የብርሃልና እዩ ፡

ምናልባት ካብ ጎረባብትና ሃገራት ኣዕራብን ካልኦትን ዝወረስናዮ ኣገባብ ዓያይነት ክህልዉ ይኽእሉ ይኾኑ ፡ ውርሻ ግን ንባዕሉ ከም ኣምር ናይ ሓደ ህዝቢ ምዕባለ ዝውስን ኣይኮነን ፡ ንውርሻ ህርኩትነትን ስራሕን እንተወሲኽካሉን እዩ ፡ እቲ ራእይ ናይ ምዕባለ ፡ ተጨባጢ ክኸውን ዝኽእል ፡

ስለዚ ህዝቢ ኤርትራ ወላ'ኳ ውሱን ዓቕሚን ፡ ንዘመናት ዘየቕሰንዎ ናይ ደገ ተጻብኦታትን ብድሆታትን ይሃልዉዎ'ምበር ፡ <u>ነቲ ውሱን ዓቕሙ ፡ ብክቡር ባህሉን ፡ ንቕሓትን ተወፋይነትን ሓያል ውዳበን ፡ ብዕጽፍታት ኣራቢሑ ፡ ንጽንዓቱን ሓድነቱን ናብ ፍጹም ዘይንደል ከውሒ ቀይሩ</u> ፡ ምንባር ህላዌኡ ስለዘረጋግጸ <u>'' ዕዉት ኣብነታዊ ህዘቢ ''</u> ክንብሎ ንኽእል ፡

ብኻልእ ኣዘራርባ ፡ እዞም ሎሚ ትሓለቕቲ ድሞክራሲን ፡ ሕጊ ፕረስን ክመስሉ፡ ልዕሊ ዝኾነ ፍጡር ኣመና ዝልፍልፉ ፡ ናይ ትንግርቲ ተዋሳእቲ ፡ ኣብ ክንዲ ትሓጓሚ እንክሎስ ፡ ትሓዚ.... ዝበሃል ፡ ንዕግበታት ሸውሃቶም መጋበርያ ፡ ብእልቢ ዘይብሉ ሰውያ ፡ ኣእዛንና ዘደንቍርዎ ዘለዉ ሰብ-ፍሉይ ረብሓን ኮራኹሮምን ፡ እቲ ፍትሓውን ሓቀኛን ምሕደራ ካብኣቶም ንምሃሮ ዘይኮነ ፡ ካብ ጥንቲ ፡ ንዘመናት ከም ያታዊ ባህልና ኮይኑ ክንሰርሓሉ ዝጸናሕና ስልጡን ኣገባብ ምሕደራና እዩ ፡ ብመንጽር መርኣያኡ '' <u>ህዝቢ ኤርትራ ፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ሕጊ ዝተማሕደረ ስልጡን ባህሊ ዝውንን ህዝቢ "</u> እዩ ክንብሎ ንደፍር ፡

*ህዝቢ ኤርትራ ወናኒ ብሉጻት ክብርታት'ዩ*: ዕዉት ህዝቢ ክብሎ ዝኽእል ፡ ስለ ብዙሕ ዝሓጸሩ ፡ ወይ ገዚፍ ጸጋታት ናይ ባህሪ ስለዘለዎ ዘይኮነ "ዓወቱ ዝረጋገጽ ብሉጽ ክብርታት ስለዝወነነ እዩ '' ፡

*እዞም ክብርታት እንብሎም ዘለና:*

1. ስነኣእምሮኣዊ ኣቋውማ ፡
2. ዕቃበ መንነት ፡
3. ሓባራዊ ተሳትፎ ፡
4. ነብሰምትእምማን ፡
5 ሃገራዊ ሓበን ፡
6 ደላይ ፍትሕን ሰላምን ፡ ወዘተ... ፡

1. *ስነኣእምሮኣዊ ኣቋውማ*

ዘሎኻዮ መድረኽን ፡ መጻኢ ሂወት ሃገርካን ምስ'ቲ መዓልታዊ እተካይዶ ንጥፈታትካ ክግምገም ናይገድን እዩ ፡ ንዝመጽእ ጸገማት ሃገረካ ፡ ብዘይ ፍርሀን ራዕድን ነብሰ ምድሃልን ተስፋ ሙቕራጽን ፡ ዝሕለፍካዮም ተሞክሮ ቃልስታትካ ኣንጺፍካን ተረዲእካን ገምጊምካን ፡ ንዘለኻዮ መድረኽ ኣብ ረብሓኻ ንምቕያር ፡ ኣብ ነብስኻ ተሞርኩስካን ትኣማሚንካን ዘዋጽኣካ መንገዲ ምንዳይ እዩ ፡ *መኽንያቱ ኩሉ ንጥፈታትካ ብዘይ ብርሁን ንጽሩን ኣርኣያን ፡ ስነኣእምሮኣዊ ኣቋውማን ፡ ዕላማኻ ክትወቅዕ ስለዘይክኣል ፡*

ኣብ'ዚ ዘሎናዮ እዋን ፡ ሰብ ፍሉይ ረብሓ ''ማውስ'' ንደቂሰባት ስነ-ኣእምሮኣዊ ኣቋውማ ንምብራዝ ፡ ንስዉር ቍጠባዊ መግዛእቲ ንምዕዋት ፡ ንሚድያን ካልእን ከም ቀንዲ መሳርሒ ዝጥቀሙሉ ዘለዉ ሓደገኛ ኣገባብ ኣሰራርሓ ስለዝኾነ ፡ ከይሰልኬና ክንነቕሓሉን ክንምክቶን ዝግብኣና' እዩ ፡ መኽንያቱ ብኣትሓሳስባ ዝተሳዕረ ህዝቢ ውድቀቱ ስለዝቕድም ፡ ብኣንጻሩ ከኣ ፡ ብኣትሓሳስባ ዘይስዓር ህዝቢ ቀጻልነት ምንባሩ ስለዘውሕስ ፡

**2.** *ዕቃበ መንነት* ፡

መንነት መለለዩ ናይ ሓደ ህዝቢ'ዩ ፡ ክዕቀብ ከኣ ናይ ግድን እዩ ፡ ብኸመይ ንዕቅቦ ንዝብል ሕቶ ! ብስራሕን ፡ ተሳትፎ ናይ ዝሰፍሐ ህዝብን እዩ ፡ ብጸሎትን ጸናጽልን ፡ ብረዲኤትን ምጽዋታን ፡ ዝትዓቀበ መንነት የሎን ፡ ካብዚ መረዳእታ ብምብጋስ ክኣ'ዩ ህዝቢ ኤርትራ ፡ ንመንነቱ ክዕቅብን ፡ ንምንባሩ ከውሕስን ፡ ንዘበናት ኣንጻር ባዕዳዊ ወራራት ገጢሙ መስዋእቲ ክኸፍል ዝተገደደን ጌና ኣብ መኸተ ተጸሚዱ ዘሎን ፡

*ባህላዊ መዳይ ኣብ ምዕቃብ መንነት* ፡ ሓደ ካብቶ ዓቢ ተራ ዝጻወቱ ረቛሒታት'ዩ:

- ባህሊ ፡ ኣብ ያታ ፡ ቋንቋ ፡ እምነት ፡ ስራሕ ፡ ኣብ ትምህርቲ ፡ ከምኡውን ብዙሕነት ከምምርቓ ፡ ( ሃገራዊ ስኒት) ኣራቢሕና ስለዘተግበርናዮ ደራኺ ንምዕባሌናን ዕቃበ ንመንነትናን ቀንዲ ረቛሒ ኮይኑ ንረኽቦ ፡ ሓያልነት ባህሊ ኣገዳስነቱ ዕዙዝ ምዃኑ ከምኣብነት ጃፓን እንተወሲድና ፡ ኣብ ምዝዛም ካልኣይ ኩናት ዓለም ፡ ኣሜሪካ ኣብ ልዕሊ ናጋሳክን ሂሮሽማን ብኣቶማዊ ደብዳብ ብኣማኢት ኣሽሓት ህዝቢ ቀዚፉ ከቢድ ዕንወት ኣብታ ሃገር ወሪዱ'ኳ እንተኾነ ህዝቢ ጃፓን ግን ኣብ ባህሎም ጽኑዕ እምነት ስለዝነበሮም ፡ መሊሶ ኣሓይልዎምን ፡ ናይ'ቲ ባርባራዊ ፍጻሜ በሰላ ኣሕውዮም ፡ ኣብዚ ሕጂ በጺሖም ዘለዉ ምዕባለ ክበጽሑ'ውን ክኢሎም ፡

ንሕና እንተኾነ'ውን ኣብዝነበረ ናይመግዛእቲ ዘመንን : ኣብ'ዚ መበል 21 ዓውለማዊ ዘመንን ፡ ብዘይካ'ቲ ኣብ ልዕሌና ዝካየድ ዝነበረ ሽርሕን ዓመጽን ወራራትን ፡ ነቲ ቅዱስ ባህልና ንምቕባር ባህላዊ ወራር ኣብ ልዕሌና ተኻይዱ'ዩ ፡ ህዝቢ ኤርትራ ግን ኣብ ልዕሊ ባህሉ ዘለዎ ፍቕርን ኣኽብሮትን መወዳድርቲ ስለዘይብሉ ፡ እናተኸላኸለ ብኣንጻሩ ባህሉ ንክዓቢ ጽዒሩን መስዋእቲ ከፊሉ ትዓዊቱሉ'ዩ ፡ ምስክሩ ፡ ኤርትራዊ ኣብ ዝሃሎወ-ሃልዩ ኣምባሳደር ናይ ሃገሩ ምዃኑ ከኣ ኣረጋጊጽዎ ፡

### 3. ሓባራዊ ተሳትፎ ፡

ህዝቢ ኤርትራ እቲ እንኮ ዝውንኖ ንቕሓት ኮይኑ ፡ እቲ ዘይነጽፍ ኤርትራዊ ጸጋ ታባሂሉ ድማ ይጥቀስ ፡ እዚ ንቕሓት'ዚ ዝጸገዮ ፡ ሓጺናዊ ሓድነት ፡ ንበብእዋኑ ዝቕልቀሉ ግዳማዊ ጐነጻት ኣላሽ ኣቢሉ ፡ ንቀጻልነት ምንባሩ ዝነደቐ ፡ ዝነበረን ዘሎን ሓጺናዊ ሓድነቱ ፡ ንሓባራዊ ተሳትፎ ህዝቢ ዝዕድም ፡ ልዕሊ ማዕድናዊ ሃብቲ ዝትመን ወርቃዊ ዋንነትና ዝኾነ ውሁብ ጸጋ እዩ ፡ ስለዚ ጥምረትን ሓድነትን ህዝቢ ኤርትራ ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ትሓጺሩ ዘይተርፍ ምዃኑ ፡ ሓደ ካብ'ቲ ዘገርም ፍሉይነት እዩ ፡

### 4. ነብሰ-ምትእምማን ፡

ኣቑዲምና ኣገዳስነት ስነ-ኣእምሮኣዊ ኣቋውማ ናይ ሕበረተሰብና ከንገልጽ ጸኒሕና ፡ መኸንያቱ ፡ ምንጪ ናይ ነብሰ-ምትእምማን ፡ ስነ-ኣእምሮኣዊ ኣቋውማ ስለዝኾነ ነብሰ-ምትእምማን ከበሃል እንክሎ ፡ ብዓል ዕላማን ንጹር ራኢይ ኰንካ ፡ንእትቃለሰሉ ዘለኻ ዕላማ ብግቡእ ኣሚንካሉ ፡ ንረብሓ ሃገርካን ህዝብኻን ክኸውን ይግባእ ፡ እዚ እቲ መሰረታዊ መርሓ-ግብሪ ኮይኑ ፡ ናይ ኣእምሮን ሕልናን ቅሳነት ዝህብ ሞራላውን ኣሳታፍን ቀጻልነት ዘሎዎ ኣማዕባሊ ስነ-ምግባር ኮይኑ ኣብ ደርማሳዊ ዓወት የብጽሓካ ፡

''ሓርነታዊ ቃልስና ክዕወት ዝኸኣለ'ውን ፡ ንነብስኻ ምኽኣል ! ዝብል ጭርሖ ፡ ብተግባር ስለዝሰርሓሉ ፡ ህያው ኣብነት ኮይኑና ክንብል ንደፍር ፡ እቲ ነብሰ-ምርኮሳ ወይ ነብሰ-ምትእምማን ዘይብሉ ፡ ነዛ ውልቁ ክግምግም ዘይከኣለ ፡ ብደረጃ ሃገር'ውን ክሕሰብ ዘይከኣል እዩ ፡ ንህዝብን ሃገርን ጾርን መንጸሮርን ኮይኑ ፡ ንፍግረ ሃገር መሳርሕን ግዳይ ናይ ባዕዳውያን ሓይልታት ይኸውን ፡

### 5. ሃገራዊ ሓበን ፡

ኣብ ምክልኻልን ህንጸት ሃገርካን ፡ ኣብ ምሕብሓብ ሓድነት ህዝብኻን እትገብሮ ተሳትፎ ፡ ሃገራዊ ሓበን ኣኻዕቢቱ ፡ ንምዕቃብ መንነትካ ዓቢ ደራኺ ሓይሊ ኰይኑ ፡ እፎይታ ዝህብ ተጫባጢ ምስክርነቱ !! እቲ ኣብ ጸጽባሕ እትገብሮ ናይ ሂወትካ ምንቅስቓስ ባህታ ዝዓሰሎን ፡ ሞራልን ሃገራዊ ሓበን ኣስኒቑ ንቕድሚት ክትምርሽ ዝሕንኩለኻ ጻህያይ እትምሕዎን እዩ፡

ኣብ ምውሓስ ልዑላውነትካን ፡ ምህናጽ ሃገርካን ፡ ኣብ ማሕበራዊ ጸገማት ህዝብኻ ዕጣይ-ምጣጣይ ክትብል ተሳትፎ እንተዘይብልካ ግን ታሪኽ ክሓተካ ስለዝነብር ናይ ሕልና ቅሳነት ክትረክብ'ውን ኣይትኽእልን ፡ ኣብቲ ብጸገማት ሃገርካ ዘይምግዳስን ብሓድነት ህዝብኻ ዘይሙሟቕን ፡ ዘኸትሎ ተነጽሎ ፡ ሳዕቤኑ ከሳብ ክንደይ ምዃኑ ንምእማት ዘጸግም ኮይኑ ኣይስምዓንን ፡

'' ሃገራዊ ሓበን ምውናንን ፡ ዘይምውናንን ፡ ፍልልዩ ፡ ከምቲ ኣብ መንጎ ጽድቃንን ሓጥያትን ዘሎ ፍልልይ ኢልና መረዳእታ ክንህበሉ'ውን ንኽእል '':

### 6. ህዝቢ ኤርትራ ደላይ ፍትሕን ሰላምን ፡

ፍትሒ ዝደሊ : ጥዑይ ኣእምሮ : ስልጡን ባህሊን : ንጹር ራኢይ ዝውንን ህዝቢ እዩ ፡ ሰላም ንክንግስ ዝጽዕር'ውን ፡ ኣብ መነነ ሰላምን ፡ ህውከትን ዘሎ ፍልልይ ኣነጺሩ ዝፈልጥን ፡ ንውጽኢቱ ዝያዳ ዘስተምቕርን እዩ ፡

ከም ባህልን ልምድን ህዝቢ ኤርትራ ፡ ሕያዋይን ተቐባሊ ጋሻን እዩ ፡ ንክንደይ ህዝብታት ከባቢና ፡ ብባህርያዊ ሽግርን ፡ ኲናትን ውግእን ፡ ዝተጻገሙ ፡ ጸገማቶም ፈቲሑን፡ ንፍትሕን ሓቅን መስዋእቲ ዝኸፈለ ሕቡን ህዝቢ'ዩ ፡ ምናልባት ገሌና ፡ ነዚ ሓንካሪን ከዳምን ስርዓት ወያነ ፡ ንኣዲስ ኣበባ ሓንጊርና ዘእቶናዮ ጥራይ ንፈልጥ ንኸውን ፡ ኮይኑግን ኤርትራዊ ሓልዮትን ምሕብሓብን ፡ ሓቂ ንክትነግስን ኣብከባቢና ፡ ብፍላይ ከኣ ንናይ ቀረባ ዝኾኑ ጎረቤትና ህዝቢ ኢትዮጵያን ፡ ካልኦት ጐረባብቲ ሃገራትን : ንዘመናት ፡ ሓልየት ህዝቢ ኤርትራ ተፈልይዎም ኣይፈልጥን ፡ ንባዕሉ ታሪኽ ንነብሱ እናገለጸ እንታይነት ናይከባቢና ዕርቃኑ እናኣውጽአ ፡ ታሪኽ ኤርትራዊ ከም ወርቂ እናተኾልዐ ንዓለምና ይግለጸላ ኣሎ ፡

ስለዚ ኤርትራዊ ስልጡን ባህሊ ስለዝውንን ፡ ንሽግሩ ከም መዋገዪ ገይርዎ ኣይፈልጥን ፡ ኣብ ጐረባብቱን ፡ ኣጋይሹን ዘለዎ ክብሪ ሰማይ ጠቀስ እዩ ፡ መኽንያቱ ፡ ራኢኡ ፡ ሓንቲ ስልጥንትን ምዕብልትን ሃገር ንምህናጽ :ኣብ ጻዕርን ሓርኮትኮትን ይርከብ ፡ ብቃልሱ ዘመዝግቦ ዓወት ፡ ዘልኣለማዊ ሰላም ሰፊኑ ማሕበራዊ ፍትሒ ንክነግስ እዩ ፡ ስለዚ ናይ ጎረባብትና ሰላም ምውሓስ ፡ ኣብ እነካይዶ ዘለና ህንጸት ሃገር ኣገዳስነት ስለዘለዎን ፡ በቲ ካልእ መዳይከኣ : መግለጺ ፍትሓውነትን ሰብኣውነትን ስለዝኾነ ፡ ንከነተግብሮ ታሪኻዊ ግዴታ'ውን'ዩ ፡

ሕጂ'ኸ ናበይ ገጽ ? _ኣብዝመጽእ 3 ይ ክፋል የራኽበና :

ንምክት ንዕወት !

ዓወት ንሓፋሽ !

መድሃኔ ተስፋለም